## ፈስቲቫላትና መግለጺ ሓድነትናን ባህላዊ ትንሳኤናን,ዩ።

ኣብዚ ኣዋርሕዚ ኤርትራ ደቃ ካብ መላእ ዓለም ናብኣ ዝውሕዝሉን ኣብ ውሽጢ ኮነ ኣብ ወጻኢ ፈስቲቫላት ኤርትራውያን ዝካየድሉን ኤረይ ለምልምለይ ኤረይ ማዕብልለይ ናትኪ ምኽነይ ይኾርዕ ይሕበን ዝብል ካብ ዓበይቲ ኮነ መንእሰያትን ህጻውንትን ናይክብርን ናይ ጽንዓትን ሓጎስን ዝስመዓሉ ህሞት,ዩ።ህዝቢ ካብ ዘለዎ ቦታታት ካብ ርሑቑን ቀረባን ኣብ ሓደ ቦታ ተራኺቡ ነንሕድ ሕዱ ዝዛተየሉን ህሉው ኩነታት ሃገሩ ናይታ ዝፈትዋ ሃገሩን ህዝቡን ሰመዚ ዝህብዎ ሓበረታን ኣስተምህሮን ቀሲሙ ሞራልን ፍናንን ዝድርዓሉን ንሃገሩ ንድሕነታን ህንጸታን ብሓያል ፍናን ክሰርሕ ቃሉ ዘሕድሰሉን ህሞት ኤርትራውያን,ዩ።

ፈስቲቫላትና መግለጺ ሓድነትና,ዩ ከመይሲ ህዝቢ ብሓደ ኮይኑ ዝሕጎሰሉን ክብሪ ባህልታቱ ጭውነቱ ምዕባሊኡ ቀደም ዝነበሮን ሕጂ በጽሒዎ ዘሎን ዘንጸባርቐሉ ባህሊ ብዙሕነቱን ክብሪታቱን ኣናባብራን ስርዓተ ምዕባለን ቀደምን ሕጂን ብሓባር ኮይኑ ዝመሃረሉን ካብ ዝተፋላለዩ ካብ ኤርትራ ብዝመጹ ስነ ጥበባውያን ምሁራትን ህዝብና ዘለዉ ጸጋ ሓድነትን ምዕባለን ከመይ ነይሩን ኣሎን ኣስተምህሮ ብሓባር ኮይኑ ዝቐስመሉ ፍቕርን ስኒትን ሓድነትን ዘንግስ ሃገራዉ ዓውደ ዓመት,ዩ።

ፈስቲቫላትና ኣብ መላእ ዓለም ንኤርትራውያን ጥራሕ ዘይኮነስ ንኹሉ እቲ ዝዕዘብ ህዝቢ ዝምስጥ,ዩ፡ ህዝቢ ዓመት መጸ ካብ ርሑቕን ቀረባን ኣብ ሓደ ማእከላይ ቦታ ክእከብ ከሎ ቆልዑት ባንዴርኦም ኣብ ኢዶም እንዳ ኣንበልበሉ ኣደታት እቲ ንኹሉ ረኣይኡ ዝምስጥ ባህላዊ ክዳነን ተኸዲነን ሽነን ክብላ እቲ ከባብቲ ግርማ ለቢሱ ሰሓቕን ወካካዕን ደስታን ሓጎስን ሰፊኑ ዝረኣዩ ተዓዘብቲ እታ መዓልቲ እቲኣ ይናፍቕዋን ንዝኾነ ኤርትራዊ ደው ኣቢሎም ቅንኦም ይገልጽሉ ነታ ህሞት እቲኣ ዉን ይናፍቕዋ ንባህልናን ግርማታት ልብስታትናን ሓድነትናን ከኣ የድንቕዎን ክንድዚ ዝኣክል ህዝቢ ኣብሓደ ተኣኪቡ ፖሊስ ዘይብሉ ብህድኣት ክኸይድ ከኣ ይግረምሉ። ሓቂ,ዩ ንመንነትኩም ክትሕበንሉን ክትኮርዕሉን ከኣ ይብሉ በዚ መጠን ንኤርትራን ህዝባን ፍቕሪ ይሓደሮም።

ሓድነት ሓይሊ,ዩ ብርግጽ ሓድነት ሓይሊ,ዩ ህዝብና ከም ብዙሓት ህዝብታት ናይዓለም ታሪኻዊ መቦቀል ኣለዎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፋላለየ ባህልን ልምድን ቃንቃን እምነትን ኣለዎ ንኣሽሓት ዓመታት ከኣ ባህሉ ዓቒቡን መንነቱ ኣኽቢሩን ይነብር ኣብ ባህላዊ ስነ ምግባሩ ባህሊ ተጻወርነት ባህሊ ትሕትነትን ፍቕርን ዘኽብር ሓያል ህዝቢ,ዩ።ኣዚ ባሕላዊ ስልጣነዚ ኸኣዩ ንዝኾነ ንቲ ንሓድነቱ ዝጻባእ ዝበድሄ። ህዝብና ኣብ ኩሉ ታሪኹ ብብድሆ,ዩ ሓሊፉ ኩለን ወረርቲ ገዛእቲ መዝሚዘን ዓሚጸን ጥራሕ ዘይኮናስ ሓድነት ህዝብና ክብትና ዘይ ገበርኦ ሽርሒ ኣይነበረን እንተኾነ ህዝብኤርትራ

ዕድል ኣይሃበንን ጥራሕ ዘይኮነስ ዝያዳ ዝሰመረን ዝሓየልን ከምዝኾነ ይምህረን እዚ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣዚ ኽኣዩ ነቲ ዲሒሩ ምዕራባዉያ ሃገራት ንህዝብና ንገለ ብስልጣን ንገለ ብገንዘብ ንገለ ብሃይማኖት ሓድነቱ ክብትንዎን ከናቑትዋን ካብ ናጽነት ክሕርምዎን ዝገበርዎ ጻዕሪ ኣፍሽሉ ብሓድነት ተበጊሱ ብሓድነት ንናጽነቱን መንነቱን መኪቱ ከቲቱ ብሓባር ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ንናጽነት ክፈሉ ኣብ መጨረሻ ናጽነቱ ሒዙ ምሰስ ዝበለን ብርግጽ መንነቱን መን ምኻኑን ብቕልጽሙ ዘረጋገጸ። እዚ ኽኣ,ዩ ሓድነት ሓይሊ,ዩ እንብሎ።

ፈስቲቫላትና መግለጺ ሓድነትናዩ ክንብል ኮሎና ሎሚ ብዝሰልጠነ ነቲ ዝሓለፍናዩ ተምኩሮ ንዝተራእየ ተጻወርነትን ጽንዓትን ንባህልታትና ንምጥፋእ ዝተገበረ ሽርሕን መኸተን ናይ ቢሔራትናን ሃይማኖታትናን ቅርስታትና ልምድታትናን ዝነበሮ ተራን ቦታን ዝተጻወቶ ሓይልን ሕጂ ዝህልዎ ሓላፍነት ዘረድእ ኣገዳሲ ንመንኮርኮር ምዕባለ ንቕድሚት ዝደፍእ ሓያል ዓውደ ዘተን ባህላዊ ትንሳኢ,ን,ዩ።ስለዚ ኽኣዩ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘለዎ ሃልዩ ንፈስቲቫላቱ ደንበ ደቂ ሓደልቢ ዝብል ሽም ሰይሙ ብኽብሪ ዝሰርሓሉን ዘዔዉቶን።ብፍላይ ከኣ ኣብ ስደት ባህልና ከይብረዝ መንነትና ከይሃስስ ክብርታትና ከይትንከፍ ንሓድሽ ወለዶ ኤርትራዉያን ኣብስደት ባህልና ከመይ ከምዝመስል ዝፍቶን ዝናፈቕን ምኻኑ ብዝምህር ካብ ዓመት ናብ ዓመት ንቕልዕትናን መንእሰያትና መሲጡ መንእሰያት ንስካፌና ሰቢሮም ባዕሎም ዋናታት ዝኾንሉን ደርጃ ዘብጽሕ ዘሎ ኣጋጣሚ ስለዝኾነ ፈስትቫላትና እንዳዓዘዘን እንዳ ተኾልዔን ደንበ ሓድነትን መንነትን ባህልን ክብርን ኮይኑ ናብ ደገን ዉሽጥን ዘሎ ባህላዊ መላግቦ ዝፈጥር ናይ በሓቂ ደንበ ደቂ ሓደልቢ ስለዝኾነ ኣገዳሲ,ዩ ኣገዳሲ ናይ ሓድነት ስፍራ,ዩ።

ሓድነት ኣገዳሲ ሓይሊ ናትና ምኻኑ ካብሪኤና ነቶም ሓድነት ህዝቢኤርትራ ከም ጥፍኣት ናቶም ጌሮ ዝርእዩን ንሓድነትና ንምዝራግ ከይተሓለሎም ዝሰርሑን ሓይልታት ብጉብእ ምምካቶም የድልየና መንዮም ምስትዉዓል ኣብ ዉሽጥኻ ናትካ ዝመስሉ ብወጻኢ ሓይልታት ዝምወሉን ብፍላይ ወያነን ወያነ ዘዋፍሮምን ወይጦታት ንህዝቢኤርትራ ሓደነቱ ከይበተንካ ክትዕወት ኣይትኽእልን ዝብሉን ነዚ እከይ ግብርዚ ከይደቀሱ ዝሓድርሉን ምምካትን ምስትዉዓልን የድሊ ገለ ብወያነ ዝተላእኩን ንሓድነትን ምዕባለን ህዝቦም ዝጻረሩ ቫይሩስ ሓድነትን ስኒትን ዝኾኑ ኤርትራዉያን ናፈስቲቫላትና ንምፍሻል ዕላማ ክገብሩን ከዕገርግሩን ይርኣዩ ነዚ ኩሉ ህዝቢ ክምክቶን ክሃርሞን ኣለዎ ጸላኢ,ኻ ይንኣስ ይዕበ ዘይምንዓቕ ሓድነትና ዉሕስነት ቀጻልነትናን ምዕባሌናን ስለዝኾነ ከም ብሌን ዓይንና ምሕላዉ የድልየና።

ፈስቲቫላትና እንበኣር ቀደም ከመይ ክምዝነበርና ዝምህረናን ሕጂ በጺሕናዮ ዘለና መድረኽ ምራሽና ናህርናን ድኻምናን ዝምህር መኣዲ ባህልን ስልጣነን ሓድነትን ስለዝኾነ ቆሉዑትናን መንእሰያትናን ባህሎም ያታታቶም መንነቶም

ቅያታት ኣቦታቶምን ኣዴታቶምን ዝሓለፈ ታሪኽን ተሞኩሮን ዝምህሮም ኣጋጣሚ ስለዝኾነ ብሓይሊ ክንሰርሓሉን ክነማዕብሎን ኣሎና።

ፈስቲቫላትና ይዓንብብ
ሓድነትና ይትረር
መንነትና ይከበር
ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ

ኣማኑኤል ወድሽቃ
ስዊደን
080714